# ኩሉ ተሳኢኑ

ሳላ ዝሰኣናዮ ዝረኸብናዮ የለን
ሳላ ዝተፈላለና ዝኸሰብናዮ የለን
ንወርቃዊ ግዜ ናይ ለዋጥና እዋን
ሳላ ዝሰጉግናዮ ብህልኽን ትዕቢትን
ናብ ባዶ ክድምረና 'ዚ ግዝየ ኣይንሓፈን።

ኩሉ ተሳኢኑ
ዝኸሰብናዮ ህኮት
ዝሰኣናዮ መስተርሆት
መወዳእታ ስለዘይብሉ ዝኸድናዮ  ስደት
ሞሶ በደላትና  ሕድ-ሕድና ምንቋት
እንሆ ወሊዱልና መስሓቒ ሽራፋት።

ዝቐየስናዮ መትከል
ናይ ቃልስና  መስመር
ዝኸድናዮ ስልቲ ክኾነና ግንባር
ኳል መገዲ ኣብዚሖ ምስኮነ ስጊንጥር
ጢለና ደርቢና ጃለ ካብ ንነብር
ንባዕሉ ዝተዘርዐ ስለዘይወፍር
ግድን 'ዩ ዘይጠቢብና ደጎልና ብምንጣር
ዘይቃንዛና ዳህሲሱ ዘየለ ክምርምር

ፈውሰይ ፈውሲ ዓሻ ኣየሙት ኣየስርር።

ካብ ኩልና ተሳኢኑ
ነቲ ኣቦ ርእሰ ምርኩሳ
ዉፉይ ወዲ ህዝቢ ናይ ሓርነት ጓሳ
ብጅግንኡ ዝነብር ክሳብ መጨረሽታ
ንዝብሎ ዘበለ  ብልቡ ሰሚዑ
ኣለኹልካ ዝብል ንሓቂ ተቢዑ
ካብ ኩልና ተሳኢኑ ከም ቢተው ተርኒዑ
ንመሰል ደው ዝብል ዝስየፍ ረቲዑ።

ካብ ኩልና ተሳኢኑ
ስልትታት ቀይሱ ግንባራት ዘናውጽ
ምንብርካኽ ፈንፊኑ መስዋእቲ ዝመረጽ
ንትዕግስቲ ዋንኣ ንመትከሉ ቀባጽ
ካብ እዞም ኩልናስ
ምእንቲ ህዝቢ ዝውፈ ብደመ-ረሃጽ
ከም ዑቕበ ተሳኢኑ ኣብ ጽንኩር ዝበልጽ።

የለን ተሳኢኑ
ካድራት መልሚሉ ሓፋሽ ዘለዓዕል
ደጋጊሙ ዝስዋእ ንዝሓዞ መትከል
ኣቦ-ዲሞክራሲ ንኤርትራ ዝነብር
እዚ ከም ንኾን ፈሊጡ ዝበለ ይኣክል
ካብ እዞም ኩልናስ ከም ድሩዕ ተሳኢኑ
ንምልኪ ዝጽየን ጎዳጉዲ ርሻኑ።

ተቐቢጹ 'ኮ
ተባዕ ከም ብርሃነ ገረዝጊሄር
ቡንቧታት ዘጽሒ ዓረር-ኣብ ርእሲ ዓረር

መርኣያ ገድልና ሓሊፉ እናተባህለ

ዝሰርር ንጅግንነት ኣያኣ፡

ብጻይ ሑመድ ብጻይ እድሪስ መ/ዓሊ

ሰነድን ማህደርን ናይ ስዉኣት መቕሊ

ሕልና ጰጥሮስን ሽሪፎን ዝስቆሮ

ነዚ ጎይታ ሰውራ ህዝቢ ኣለኹልካ ዝብሎ

ካብ ኩልና ዋላ ሓደ ስለዝተሳእነ

ተሳኢኑ፡ ተቐቢጹ፡ በቃ! ስለዘየለ።

10 / ሓምለ / 2018

ብሰንሰሎማይ ሰላም ኣብ ሃገር